ጥልያን

MINISTERO DELL'INTERNO

EUROPEAN UNION AGENCY FOR ASYLUM

# ኣብ መቐበሊ ቦታ ዘለኩም መሰላትን ግዴታታትን



እዚ ሓበሬታ ንዓኻ ይምልከት፣ እንድሕር ደኣ፥

- ትሕቲ 18 ዓመት ኮይንካ
- ምስ ሓደ ወይ ክልቲኦም ወለድኻ መጺእካ ኮይንካ
- ንስኻን ስድራቤትካን ኣብ ዓዲ ጥልያን ዑቕባ (ኣህጉራዊ ሓለዋ እውን ይበሃል) ክትሓቱ ከም እትደልዩ ነቶም ሰብ መዚ ነጊርኩምዎም።


ንስኻን ስድራቤትካን ኣብዛ ሃገር ውሑሳት ኢኹም

TIGRINYA

ኣብ ኤውሮጳ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ኩሉ ከም ቆልዓ ስለዝቖጸር **ፍሉይ ደገፍ** ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

## መን ክሕግዘኩም ይኽእል?

ኣብታ ሃገር ኣብ እትጸንሓሉ እዋን ብዙሓት ሰብ ሞያ ንዓኻን ንስድራቤትካን ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም፣ ንኣብነት **ሓደ ተርጓሚ** ብዝርድኣካ ቋንቋ ንክትረዳዳእ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ሓላፍነቱ ድማ ንስኹምን እቶም ካልኦትን ንትዛረብዎ ነገር ብልክዕ ምትርጓም እዩ።



## ንስኻን ስድራ ቤትካን እንታይ ዓይነት ደገፍ ኢኹም ክትረኽቡ?

ሰብ መዚ ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ [ኹም] ክግምግሙ ኣብ እትጽበዩሉ እዋን ዝተፈላለየ ዓይነት ደገፍን ኣገልግሎትን ክትረኽቡ ኢኹም። እዚ ድማ **አቀባብላ** ይበሃል።

ከም ሓደ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓን ከም ሓታቲ ዑቕባን መሰላት ኣለካ ግን ከኣ ከተኽብሮ ዘለካ ግዴታታት እውን ኣለዉኻ እዮም። እዚኣቶም ኣብዛ ብሮሹር ተገሊጾም ኣለዉ።

ዝኾነ ክፋል ናይዚ ብሮሹር እንተዘይተረዲኡካ ወይ ዝኾነ ሕቶታት እንተሃሊዩካ፡ ነቶም ሰራሕተኛታትን ንወለድኻን ሕተቶም።

ኣብ ዝቕጽሉ መዓልታት ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ/ኽቡ ኢኻ/ኹም።

**ከከም ኩነታትኩም ንስኻን ስድራቤትካን ነዞም ዝስዕቡ ክትረኽቡ ኢኹም፣**



- እትድቅሱሉ ቦታ



- ምግቢ



- ናይ ውልቃዊ ጽሬት ፍርያት



- ክዳውንቲ



- ስድራቤትካ ንመዓልታዊ ወጻኢታት ዝኸውን ገንዘብ እውን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## መሰል ክንክን ጥዕና

**እቶም ሰብ መዚ ዘድልየኩም ክንክን ጥዕና ከም እትረኽቡ ክረጋግጹልኩም እዮም።**

እቶም ሰራሕተኛታት ንዓኻን ንስድራቤትካን ምስ ነርስ ወይ ሓኪም ኣብ ሕክምናዊ ምርመራ ክትሳተፉ ትኽእሉ እንተኾይንኩም ክነግሩኹም እዮም።






## ንሰራሕተኛታት ሓብሩ፣ እንድሕር ደኣ፡


- ኣሕሚሙካ፡ ዝተጎድአ ወይ ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ዘድልየካ ኮይኑ።
- ስንክልና ኣለካ
- ጥቕዓት እንተበጺሑካ
- ሓደ ሰብ እንተ ኣፍሪሑካ ወይ ፍርሒ ይስምዓካ እንተነይሩ
- ጥንስቲ ኣለኺ ወይ ጥንስቲ ክትኮኒ ተኺኢልኪ
- ንስኻ ወይ ስድራቤትካ ብዝኾነ ካልእ ምኽንያት ደገፍ ትደልዩ እንተኾንኩም።

ብዙሕ ግዜ ሓዘን፡ ሕርቃን፡ ፍርሒ፡ ጭንቀት እንተልዩካ ወይ ድቃስ እንተጸጊሙካ፡ ምስ **ክኢላ ስነ-ኣእምሮ** ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።
ነቲ ነርስ፣ ነቲ ሓኪምን ነቶም ሰብ ሞያ ስነልቦናን ሰራሕተኛታትን ክትኣምኖም ትኽእል ኢኻ። ዝበልካዮ ነገር ብዘይ ስምምዕካ ብጀካ ንወለድኻ ንኻልእ ሰብ ኣይከካፈልን እዩ። እቲ እንኮ ፍሉይ ዝገብሮ ኩነታት ንህይወትካ ወይ ናይ ካልእ ሰብ ሂወት ኣብ ሓደጋ እንተወዲቑ ጥራሕ እዩ።

## ናይ ትምህርቲ መሰል

ከም ቆልዓ ክትመሃርን ትምህርቲ ክትረክብን መሰል ኣለካ። እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ትምህርታውን መዘናግዕን ንጥፈታት ክነግሩኻ እዮም፣ እዚ ድማ ንኽትመሃር፣ ንኽትዓብን ሓደስቲ ኣዕሩኽ ንኽትረክብን ክሕግዙኻ እዮም።





## ናይ ስራሕ መሰል





ከከም ዕድመኻን ኩነታትካን፣ እንተደሊኻ ንክትሰርሕ ክፍቀደልካ ይኽእል እዩ። እቶም ሰራሕተኛታት ዝያዳ ሓበሬታ ክህቡኹም እዮም።

## ንስኻን ስድራኻን ኣበይ ኢኹም ክትጸንሑ?




ሰብ መዚ ንሕቶ ዑቕባኹም ክምርምሩ ከለዉ፣ እትዓርፉሉ ቦታ፣ ኣብ ኩነታትኩም ይምርኮስ።

እቶም ሰራሕተኛታት ኣበይ ክትጸንሑ ከም ዘለኩም ክሕብሩኹም እዮም። **ንስኻ ኣብቲ ብሰብ መዚ ዝወሰንዎ ቦታ ጥራይ ደገፍን ኣገልግሎትን ክትረክብ ትኽእል።**



**ኣብ ኣዝዩ ሳሕቲ እዋናት፣ ስድራቤታት ከም ድላዮም ክመጹን ክኸዱን ኣብ ዘይክእሉሉ ማእከል ክቕመጡ ይኽእሉ እዮም። ንስኹም ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት እንተሃሊኹም፣ ኣማኻሪ ሕግን ሰራሕተኛታትን ክሕግዙኹም እዮም።**
ኣማኻሪ ሕጊ ማለት ኣብዛ ሃገር ዘሎ ሕግታት ዝፈልጥን ኩነታትኩም ኣጽኒዑ ክሕግዘካ [ኩም] ዝኽእልን ሰብ እዩ።

**ኣበይ ተዓቒብኩም ኣለኹም ብዘየገድስ ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኹም፣**



- **ምስ ስድራኻ ምጽናሕ**



- ምስ ኣባላት ስድራቤትካ **ንምዝርራብን ኣበይ ከምዘለዉ እንተዘይፈሊጥካ ድማ ክትደልዮምን** ሓገዝ ምርካብ።

**ውሑስ ናይ ምኻን መሰል ኣሎካ። ዝኾነ ሰብ ዝስዕብ ክገብር ኣይፍቀድን እዩ፡**


ከፈራርሓካ


ክጸርፈካ


ክጎድኣካ

መን ምኻኖም ብዘየገድስ ጓና ወይ ናይ ቀረባ እትፈልጦ ሰብ።
ምስ ወለድኻ ወይ ምስ ሰራሕተኛታት ዝኾነ ጸገም እንተሃልዩካ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።

## ንስኻን ስድራቤትካን እንታይ ዓይነት ናይ መቐበሊ ቦታ ግዴታታት ኣለኩም?

ሓቂ ምዝራብን ምስ ሰብ መዚ ምትሕብባርን ኣገዳሲ እዩ፣ ዋላ ሓደ ሓደ ግዜ ዛንታኻ ክትነግር ዘፍርሕን ከቢድን ኮይኑ እንተተሰምዓካ።
እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ኩነታትካ እንተፈሊጦም ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ታሕቲ ገለ ካብቲ ንስኻን ስድራኻን ክትኽተልዎም ዘለኩም ግዴታታት ተዘርዚሮም ኣለዉ።

- ሕግታት ናይቲ እተዕርፈሉ/ፍሉ ቦታ ምኽታል።
- ካብቲ ሰብ መዚ ክትጸንሕ ዝመድቡኹም ቦታ ዘይምህዳም።
- ሕግታት እዛ ሃገር ተኸተሉ፣ እቶም ሰራሕተኛታት ክረድኡኻ እዮም።

## ንስኻ ወይ ስድራኻ ነቲ ግዴታታትኩም እንተዘይተማሊእኩም እንታይ ይኸውን?

እዚ እንተ ኣጋጢሙ፣ ንስኹም ምስቶም ሰራሕተኛታት ብግልጺ ክትዘራረቡን ኩነታትኩም ክትገልጹን ትኽእሉ ኢኹም። እቶም ሰብ መዚ ነቲ ኩነታት ክግምግሙ እዮም፣ ወለድኻ ድማ ገለ ስጉምትታት ክወስዱ እንተ ወሲኖም ክሕብሩ እዮም።



ንኣብነት፣ ሓደ ኣባል ስድራቤትካ ምስ ሰብ መዚ እንተዘይተሓባቢሩ፣ **እዚ ኣባል ስድራቤትካ ዝወሓደ ደገፍ ክረክብ ይኽእል እዩ።**



ሓደ ኣባል ስድራቤትካ ዓመጽ ዝመልአ ባህሪ እንተ ኣርእዩ፣ **እቲ ኣባል ስድራቤት እቲ ዝረኸቦ ዘሎ ደገፍ ክስእን ይኽእል እዩ።** ፖሊስ ክጽዋዕ ይኽእል እዩ።

ሕጂ እውን ዝረኸብዎ ዓይነት ደገፍ ኣብ ውልቃዊ ኩነታቶምን ድሌታቶምን ዝምርኮስ እዩ።

**ንስኻን ስድራቤትካን ሕጂ ኣብ ጥልያን ኢኹም ዘለኹም፣ እዚኣ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ። ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝበሃላ ድማ፡**

- 27 ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፤ ኣውስትርያ፡ ቤልጅየም፡ ቡልጋርያ፡ ክሮኤሽያ፡ ቆጵሮስ፡ ቸክያ፡ ዴንማርክ፡ ኢስቶንያ፡ ፊንላንድ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ግሪኽ፡ ሃንጋሪ፡ ኢጣልያ፡ ላቲቪያ፡ ሊትዋንያ፡ ሉክሰምበርግ፡ ማልታ፡ ሆላንድ፡ ፖላንድ፡ ፖርቱጋል፡ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፡ ሮማንያ፡ ስሎቫክያ፡ ስሎቬንያ፡ ስጳኛ፡ ሽወደን ከምኡ'ውን

- ካልኦት 4 ሃገራት፡ ኣይስላንድ፡ ሊክተንሽታይን፡ ኖርወይን ስዊዘርላንድን።


## ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምምልካትን ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ምጉዓዝን ዝምልከቱ ሕግታት



- ✔ ንስኻን ስድራቤትካን ኣብ ዓዲ ጥልያን ክትጸንሑን ናብ ሓንቲ ካብተን ካልኦት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ድማ ክትሃድሙን የብልኩምንን።
- ✖ እንተ ሃዲምኩም፣ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህሉ እዩ፣ እዚ ድማ ዳሕራይ ክግለጽ እዩ። ንኣብነት ንስኻ/ኺም ኣብታ ካልእ ሃገር ዝወሓደ ናይ መቐበሊ ደገፍ ክትረኽቡ ኢኹም።
- ✔ ኣይትረስዑ፣ ሰብ መዚ ካልእ እንተዘይሓቢሮምኩም ናይ ዑቕባ መመልከቲኹም ኣብታ ፈለማ ዝኣተኹምላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ክተመዝግቡ ኣለኩም።
- ✔ ካብዘን ሃገራት ሓንቲ ጥራይ እያ ነቲ ሕቶ ዑቕባኻ/ኺም ክትምርምር ሓላፍነት ዘለዋ። ኣብ ጥልያን ዘለዉ ሰብ መዚ ኣየነይቲ ሃገር እያ ነዚ ተሓታቲት ብዝምልከት ክነግሩኹም እዮም።

ብዛዕባ እዚ መስርሓት እዚ ኣብ እተፈላለየ ብሮሹራት ክትመሃር ኢኻ።

## ንስኻን ስድራኻን ናብ ሓንቲ ካብተን ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገራት እንተ ሃዲምኩም እንታይ ይኸውን?




**ኣብ ጥልያን:**

- መስርሕ ዑቕባኻ [ኹም] ደው ክብል ይኽእል እዩ።

**ኣብታ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር:**

- እቶም ሰብ መዚ ናብታ ብዘይ ፍቓድ ገዲፍካያ ዝወጻዕካ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ክመልሱኻ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም።

ሰብ መዚ ብዛዕባ እቲ ንኽመልሱኹም ዝወሰኑላ ውሳነ ካብ ዝሕብሩኹም ግዘ ጀሚሩ፣ ንስኹም ዝተወሰኑ መሰላት ኣይትረኽቡን ኢኹም፣ ንኣብነት:

- ገለ ዓይነት ደገፍ ኣይትረኽብን/ቡን ኢኹም ክምኡ'ውን
- ስራሕ ክትሰርሕ/ሑ ኣይክፍቀደልካን/ኩምን እዩ።

ሕጂ እውን እትረኽቦ/ብዎ ዓይነት ደገፍ ኣብ ውልቃዊ ኩነታትካ/ኩምን ድሌታትካ/ኩምን ዝምርኮስ እዩ።

## ምስቲ ብሰብ መዚ ዝተዋህበ ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕኻ/ኩም ንዓኻን ንስድራኻን መን ክሕግዘኩም ይኽእል?



ካብ ኣማኻሪ ሕጊ ሓገዝ ክትሓትት/ቱ ትኽእሉ ኢኹም።

እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ዘይመንግስታዊ ትካላት ክሕብሩኻ/ኹም እዮም፣ ንሳቶም እውን ሓበሬታን ሓገዝን ክህቡኻ/ኹም ይኽእሉ እዮም።




ንስኻ[ኹም]ኣብ ዝኾነ እዋን ምስ ትካል ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (United Nations Refugee Agency፣ UNHCR) ክትራኸብ[ቡ] ትኽእል[ሉ] ኢኻ[ኹም]። UNHCR ካብ ሃገሮም ክወጹ ዝተገደዱ ሰባት ይከላኸል።

## መዘኻኸሪታተይ

EUROPEAN UNION AGENCY FOR ASYLUM

MINISTERO DELL'INTERNO

እዚ ብሮሹር እዚ ንሓበሬታ ጥራይ እዩ። ንበይኑ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (EUAA) ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ከምኡ'ውን ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ ብሮሹር ብ EUAA ፍቓድ ዝተዋህቦ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ እዩ ዝከኣል። EUAA ንልክዕነት ናይቲ ትሕዝቶ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን፡ እዚ ድማ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ ብሮሹር ተኻቲቱ ዘሎ ሓበሬታ ዝምልከት እዩ። EUAA ይኹን ን EUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ብሮሹር ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© European Union Agency for Asylum (ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ)፣ 2025